

# ውላድካ ናይ ደም ሊድ ምርመራ የድልዮ ምናልባት ንሰም...

- ☐ ኣብ ቅድሚ 1950 ዝተሰርሐ ገዛ ዝነብሩ ወይ ብተደጋጋሚ ዝጉብንዩ እንተኮይኖም
- ☐ ኣብ ቅድሚ 1978 ዝተሰርሐ እሞ ኣብ ቀረባ ዝተፀገነ ወይ ዝተመሓየሸ ወይ ድማ ኣብ ከይዲ ምፅጋን ወይ ምምሕያሽ ዘሎ ገዛ ዝነብሩ ወይ ተደጋጋሚ ዝጉብንዩ እንተኮይኖም
- ☐ ኣብ መናበዪ ህፃናት ዝነብሩ እንተኮይኖም
- ☐ ዝለዓለ ናይ ደም ሊድ ዘለዎ ዓርኪ ወይ ሓው/ሓፍቲ እንተሃልዩዎም
- ☐ ኣብ ስርሖም ወይ ኣብ ትርፊ ግዘኦም ምስ ሊድ ግዘ ዘሕልፉ ወለዲ ወይ ሓብሐብቲ እንተሃሌሙዎም
- ☐ ካብ ኣሜሪካ ወፃኢ ካብ ዝኾነ ሃገር እንተመፅዮም
- ☐ ባህላዊ መድሓኒት ወይ መመላከዒ ዝጥቀሙ እንተኮይኖም
- ☐ ብApple Health ወይ Medicaid ዝተሸፈነሎም እንተኮይኑ (ኣብ ታሕቲ ይርአዩ)

## ኣብ ላዕሊ ካብ ዘለዉ ሳንዱቃት ዝኮነ መሪፅካዶ?

ኣብ ታሕቲ ዘሎ “ውሉደይ ናይ ደም ናይ ሊድ መፃረዪ ምርመራ” ዝብል ካርዲ ቀዲድካ ንዶክተርካ ኣብ ቀፃሊ ናይ ፅቡቅ ቆልዓ ምብፃሕካ ሃቦ። ርከብ **ነፃ ምርመራ ካብ ናይ Medicaid ኣቅራቢካ** ውሉድካ እንድሕር **ብ Apple Health ዝተውሓሰ ኮይኑ** ዋላ ውሉድካ ካልኦት ናይ ሓደጋ ምክንያታት ኣይሃልዎ።

## ውሉደይ ናይ ደም ሊድ መፃረዪ ምርመራ የድልዮ እዩ።

Washington State Department of Health

Public Health
Seattle & King County

## ንምንታይ እዩ ውሉደይ ሊድ ዝምርመር?

ዋላ ንእሽተይ መጠን ሊድ ናይ ቆልዓኹም ሓንጎል ዕብየት ክጎድእ ይኽእል እዩ። ሊድ ናብ ውሽጢ ቆልዓኹም እንተኣትዩ፣ ትምህርቲ ምክትታል፣ ትኹረት ምሃብ ከኸብዶም፣ ከምኡ እውን ናይ ትምህርቲ ብቕዓቶም ፅቡቕ ከይኸውን ክገብር ይኽእል።

## ምልክታት ምምራዝ ሊድ እንታይ እንታይ እዮም?

መብዛሕትኦም ሊድ ኣብ ነብሶም ዘለዎም ቆልዑ ሕሙማት መሲሎም ኣይረኣዩን ወይ ናይ ሕሙም ስራሕ ኣይፍፅሙን። ቆልዓኹም ናይ ሊድ ምምራዝ ኣለዎ ዶ የብሉን መፍለጢ ብሕታዊ መንገዲ ናይ ደም መርመራ ምግባር እዩ።

## ናይ ሊድ ምምራዝ ምክንያት እንታይ እዩ?

ናይ ሊድ ኣቦራን ካብ ቀለማት ናይ ኣረጉቶት ገዛውቲ ዝመፁ ንጣባት ን ገለ ካብቶም መቃላዕቲ እዮም። ናይ ሊድ ኣቦራ ናብ ናይ ቆልዑ መፃወቲን ኣእዳውን ክኣትዉ ይክእሉ። ኢዶምን መፃወቲኦምን ናብ ኣፎም እንተእትዉ ሊድ እውን ይውሕጡ። ንሊድ ምምራዝ ከሳጥሑ ዝክእሉ ካልኦት ምክንያታት፥



ሓመድ
ን ማይን



ፕላስቲክ፣ኣረግቶት
መፃወቲታት፣መጋየፂ
ታትን ቁልፈታትን



ሰብ ስራሕ
ሸክላታት ወይ
ምግብታት



ካብ ወፃኢ
ዝመፁ
መመላክዒታትን
ቀመማትን

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብዛዕባ ሊድን ናይ ጎረቤትካ ንሓደጋ ተቃላዓይነት ንምርኣይ ን ናብ www.doh.wa.gov/lead ኪድ።

**ኣቅራቢ፥ ናይ መንግስታዊ ክፍሊ ጥዕና ናይ ሊድ ሓደጋ ምክንያታት መጠይቅ እዚ ህፃን ሓደን ልዕሊኡን ናይ ሊድ ሓደጋ መቃላዕቲ ምክንያታት ከምዘለዉዎ ተለልዩ ኣሎ።**

ፌደራላዊ ሕጊ ዝእዝዞ ኣብ Medicaid ዝተመዝገቡ
ህፃናት ኣብ 12-24 ኣዋርሕ ዕድመ ናይ ደም ሊድ መፃረዪ
ምርመራ ክገብሩ ይግባእ። ዝኮነ ኣብ መንጎ 24-72 ኣዋርሕ
ዕድመ ዘሎ ናይ ደም ሊድ ምርመራ ማህደር ዘይብሉ ህፃን
ግድን ምርመራ ክረክብ ኣለዎ።

ንተወሳኪ ሓበሬታ www.doh.wa.gov/lead ይጎብንዩ።